UNITED NATIONS
HUMAN RIGHTS COUNCIL

# ኣብ ኢትዮጵያ ንዝርከቡ ግዳያት ብቐጻሊ ኣህጉራዊ ምጽራይን ደገፍን ክግበር ክኢላታት ሕቡራት ሃገራት ይጽውዑ።

15 ጥቅምቲ 2016

**ኒውዮርክ (15 ጥቅምቲ 2016)** ፡ ማሕበረሰብ ዓለም ቀጻሊ ምጽራይ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ከረጋግጽን ካብቲ ግጭት ንዝደሓኑ ሰባት ደገፍ ኰውስኽን ኣለዎ ክብል ኣህጉራዊ ኮሚሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ኣብ መበል 78 ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ናይ መወዳእታ ጸብጻቡ ድሕሪ ምቕራቡ ሎሚ ኣፍሊጡ።

እቶም ኮሚሽነር ትማሊ ረቡዕ ኣብ ኒውዮርክ ኣብ ዘስምዕዎ መደረ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈጸሙ ሰፊሕ ግፍዕታት ፡ ገለ ካብኣቶም ዋላ'ኳ ኣብ ሕዳር 2015 ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት እንተተፈረመ ቀጻሊ ዝኾኑ ፡ ከምኡ'ውን ኣብ መሰጋገሪ ፖሊሲ መሰጋገሪ ፍትሒ መንግስታት ኢትዮጵያ ዘለዉ ከቢድ ጉድለታት ኣጉሊሖም። ብተወሳኺ ኣብ መጻኢ ኣብታ ሃገር ክፍጸም ዝኽእል ግፍዕታት ኣጠንቂቖ።

"ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ገለ ካብ ዝጸልመቱ ምዕራፋት ተራእዮም እዮም። ብኹሎም ወገናት እቲ ግጭት ዝፍጸምዎ ግፍዕታት ዕቤትን ስሕበትን ልዕሊ ዓቕን ክንገልጾ ኣይንኽእልን ኢና" ይብል ኣቦ መንበር ኮሚሽን መሓመድ ቻንደ ዑስማን። "ብዘደንጹ ደረጃ ዝተፈጸመ ገበናት ኲናትን ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ዘርኢ መርትዖ ረኺብና ኢና" ። "ኣብ ክልል ትግራይ፡ ገበን ኣንጻር ሰብኣውነት ምጽናትን ገበን ምጽናት ዓሌትን ክፍጸም ዝኽእል ንምፍላጥ ተወሳኺ ምርመራ ከምዘድሊ ንኣምን።"

እቲ ኮሚሽን ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወርሒ ኣብ ዝተኻየደ መበል 54 ኣኼባ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት እቲ ተዋሂብዎ ዝነበረ ዕማም ኣይተሓደሰን።

ስራሕ ኮሚሽን ንምቁራጽ ዝተወሰነ ውሳነ፡ ኣብታ ሃገር ኣብ ልዕሊ ሲቪላት ከቢድ ግህሰት ኣብ ዝፍጸመሉ እዋን እዩ ዝፍጸም፡ ከምቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዝሃብናዮ ጸብጻባት ዘርእዮ" ይብል ኮሚሽነር ስቲቨን ራትነር። "ዕጸብጻባትና ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈጸሙ ከበድቲ ገበናት ብዝርዝር ጥራይ ዘይኮነ፡ ቀጻሊ፡ ከቢድ ስክፍታታት ሰብኣዊ መሰላት ዘጉልሑን ኣብ መጻኢ ክፍጸም ዝኽእል ግፍዒ ኣዝዩ ሓቀኛ ሓደጋ ዘጠንቅቑን እዮም።

እቶም ኮሚሽነራት መንግስቲ ኢትዮጵያ "ንእሽቶ ምኽባር" ዝብል ስትራተጂ ፡ ተሓታትነት ንምርግጋጽ ዝዓለመ፡ ብተግባር ግን ኣህጉራዊ ኣቓልቦ ንምዝንባልን ኣህጉራዊ ምጽራይ ንምዕጋትን ዝጥቀሙሉ ውሽጣዊ ኣገባባትን ኣሰራርሓታትን ብምትካል ስክፍታኦም ደጊሞም ኣረጋጊጾም።

"'ንሽሙ ይሰርሕ ኣለኹ እየ እንዳበልካ ምትላል' ከም ስትራተጂ ኣህጉራዊ ምጽራይ ንምዕጻው ምጥቃም ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ኮይኑ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ብዋጋ መሰላት ግዳያት ሓቂ፡ ፍትሒ፡ ካሕሳን ውሕስነት ዘይምድጋምን ዝመጽእ

እዩ። ንመላእ ኣህጉራዊ ስርዓት ሰብኣዊ መሰላት እውን ሓደጋ እዩ ዘስዕብ፣ ኩለን ኣባል ሃገራት ድማ ኣብ መጻኢ ኣጠቓቕማኡ ንቑሓት ክኾና ንላቦ" ኢሉ ራትነር።

እቶም ክኢላታት፡ ምቁራጽ ስልጣን ኮሚሽን፡ ብዙሓት ግዳያት ግጭት ኢትዮጵያ፡ ድምጾም ክስማዕን ቅሬታታቶም ክምለሱን ናብ ዝኸዱሉ ቦታ ከምዘይብሎም ከምዝተሰምዖም ኣመልኪቶም።

ኮሚሽነር ራዲካ ኩማራስዋሚ፡ "ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ግፍዕታት ንማሕበረሰባት ኣዕንዩን ማሕበራዊ ዝምድናታት ሕብረተሰብ ኣጥፊኡን'ዩ" ኢለን። "ግዳያት፡ ውጻዓ መዓትን ስድራቤቶምን ንዓሰርተታት ዓመታት እንተዘይኮይኑ ንዓመታት ሳዕቤኑ ክሳቐዩ እዮም። እዚ ብፍላይ ኣብቶም ካብ ዓመጽን ካልእ ዓይነት ጾታዊ ዓመጽን ውጻዓ መዓት ዝኾኑ ሰባት ዝረአ እዩ፣ ንሳቶም ድማ ገለ ካብቲ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ተግባራት ዓመጽን ጭካነን ሰብኣውነት ዝጎደሎን ተግባራት ተገይሩሎም እዩ።"

ዕድሕሪ ኣዋርሕ፡ ድሕሪ ዓመታትእውን እንተኾነ፡ ብዙሓት ገና እኹል ሕክምናዊ፡ ስነ፡ኣእምሮኣዊ ማሕበራዊን ካልእን ደገፍ ከምዘይረኸቡ ንሕልና ዘይብሉ እዩ ይብላ ኩማራስዋሚ። "ኣብ ዝሓለፉ ሰሙናት፡ ስልጣን ኮሚሽን ንምቁራጽ ብዝተወሰነ ውሳነ ሰሚዖም ብጣዕሚ ዝተደናገጹ ግዳያት ደሃይ ገይሮም ነይሮም። ብዙሓት ብማሕበረሰብ ዓለም ዝተጠልሙ ኮይኑ ይስምዖም። ንቅድሚት ክስጉሙ ከለው፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ከምኡ'ውን ማሕበረሰብ ዓለም፡ ነቶም ውጻዕ መዓት ዝኾኑ ሰባት ኣብ ሕምብርቲ ጻዕርታት ናብ ፍትሒ፡ ሓቂ፡ ዕርቅን ፈውስን ኣብታ ሃገር ንምቕማጥ ቃል ክኣቱ ኣገዳሲ እዩ።"

እቶም ክኢላታት፡ ኣገዳስነት ተሓታትነት ኣስሚሮምሉ፡ ኣባላት ማሕበረሰብ ዓለም፡ ከም ውልቀ ሃገራት ይኹን ከም ኣባላት ብዙሕነታዊ ትካላት ወይ ትካላት፡ ኣብ ኢትዮጵያ ንዝፍጸም ግፍዒታት ተሓተትቲ ኩሎም ተሓተትቲ ምዃኖም ንምርግጋጽ፡ እንተላይ ናብ ዓለም-ለኻዊ መጋባእያ ብምውካስ ክሕተቱ ኣተባቢዖም።

ብፍላይ ኣብ መጻኢ ክፍጸም ዝኽእል ገበናት ግፍዒ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኩነታት ኢትዮጵያ ቀጻሊ ምጽራይ ክግበረሉ እቲ ኮሚሽን ጸዊዑ።

"ማሕበረሰብ ዓለም ብፍላይ ድማ ኩሎም ምስ ሰብኣዊ መሰላትን ምክልኻል ግጭትን ዝሰርሑ ኣካላት ሕቡራት ሃገራት ከምኡ'ውን ኣባል ሃገራት፡ ኩነታት ኢትዮጵያ ካብ ኣህጉራዊ ኣጀንዳ ክወድቕ ከይፈቕዳ ንላቦ። ኣብ ክንድኡ ኣብታ ሃገር ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊ መሰላት ቀጻሊ ድልዱል ክትል፡ ጸብጻብ፡ ገምጋምን ምጉስጓስን ከረጋግጹ ይግባእ" ይብል ዑስማን። "ኣብ ኢትዮጵያ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ግዳያት ግጭት ካብዚ ዝበልጽ እምበር ዝንእስ ኣይግብኦምን።"

እቲ ናይ መወዳእታ ዝርዝር ጸብጻብ ኮሚሽን ኣብዚ **here**. ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ድሕረ ባይታ፡ ውድብ ሑቡራት ሃገራት ቤት መኽሪ ሰብኣዊ መሰላት** ኮሚሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ፡ ብቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ብዕለት 08 ታሕሳስ 2014፡ **ብውሳነ ጽ 33/1**፡ኣብ ልዕሊ ክስታት ምጥሓስን ግህሰትን ኣህጉራዊ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላትን ጥሕሰት ናይ ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕግን ኣህጉራዊ ሕጊ ስደተኛታትን ኣብ ኢትዮጵያ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ጀሚሩ ብኹሎም ወገናት እቲ ግጭት ዝተፈጸመ፡ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓመጻትን፡ ግህሰታትን ክህሉ ዝኽእል ጾታዊ ሸነኻት ሓዊሱ ዕሙቅ ዝበለ ምርመራ ንከካይድ ሓላፍነት ዝተውሃቦ ኮምሽን እዩ።